

# ክርስትናን ሓዳርን

ብዶክተር ስብሃት ጠና

## ኣድላይነት ትምህርቲ ሓዳር

ብዛዕባ ሓዳርን ቤተ-ሰብን ብዝምልከት እዚ እንነብረሉ ዘሎና ዘበን ከምቲ ዘበን ናይ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ኣይኮነን እንተበልኩ ንማንም ሰብ ሓዲሽ ዝኾነና ኣይመስለንን። ብውግእ ኮነ ብስደት፡ ብፍትሕ ኮነ ብስራሕ፡ ወይስ ብኻልእ ተፈላለየ ምኽንያታት ሓዳርን ስድራን ብብዙሕ መዳያት ይድፋኣን ይፍተናን ኣለዋ።

ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና እምበኣር፡ ሰባት ከካብ ወለዶም ወይ ካብ ጐረቤቶምን ካብ ማሕበረ-ሰብን ብዝረኽቡዎ ትምህርትን ኣርኣያዊ ኣነባብራን ቅዱስ ሓዳር ክምስርቱን ክዕቅቡን ይኽእሉ እዮም ኢልና ትምህርቲ መርዓን ሓዳርን ሸለል ክንብሎ ኣይንኽእልን። እሞ ኣድላይነት ትምህርቲ ናይ መርዓን ሓዳርን ካብ ቀደም ሎሚ ይበዝሕ።

ኣነን ብዓልቲ ቤተይን ብ1977 መርዓ ክንምድብ ደኹን ሓዳር ክንምስርት ከሎና ብዛዕባኡ ትምህርትን ምዕዶን ዝሃበና መራሒ ወይ ኣማኻሪ እኳ እንተ ዘይነበረ፡ ረብሓ ኣድላይነት ትምህርቲ ሓዳር ክሳብ ክንድቲ ስለ ዝኣምነሉ ካብ 1985 ጀሚረ ብዛዕባ ሓዳር ከይመሃርኩን ከይመኸርኩን ናይ ቃል ኪዳን ስነ ስርዓት ኣፈጺመ ኣይፈልጥን፡ኣይከፈጽምን ከኣ'የ።

ብርግጽ ብዙሓት ሰባት ቅድሚ ምምርዓዎም ትምህርቲ ሓዳር ንኽረኽቡ ዕድል ብዘይምርካቦም፡ ኣብ ሓዳሮም ብብዙሕ ገልጠምጠምን ዘይምቅዳውን ሰላም ዘይብሉ ናብራ ይነብሩ ከም ዘለዉ ዘጠራጥር ሓቂ ኣይኮነን። እኳ'ድኣ ገለ ገሊኦምሲ ሓዳሮም ፆንዩ፡ ዝጀመርዎ ስድራ ተበቲኑ ዘርምዘርሞ ኮይኖም ኣብ ቀጻሊ ሕማቕ ኩነታት ይነብሩ ኣለዉ።

ገለ ገለ ሰባት ንዘለዎም ናይ ሓዳር ሽግር ብምልላይ ንትምህርቲ፡ ንምኽሪ፡ ወይስ ንምዕዶ ምስ መጹኒ በየንን ኣበይን ከመይን ከም ዝጅምር ምልላይ ዝስእንሉ እዋናት መሊኡ እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ እቲ ቅድሚ ሓዳር ምምስራቶም ክፈልጥዎ ዝግብኦም መሰረታዊ ነገራት ከይፈለጥዎ ስለ ዝሓለፉ እዩ።

> ሓዳር ቅድሚ ምግባርካ ክፍለጡ ዝግብኦም ኣድለይቲ ዝኾኑ መሰረታዊ ሓቅታት ኣለዉ።

ስለዚ እምበኣር፡ ንዝተዋህበና ዕድል ተጠቒምና፡ ኣብዛ ዓምዲ ናይ ብስራት መጽሄት እዚኣ በብቕሩብ እናተሃንጸ ዝኸይድ ትምህርቲ ምሃብ እንሆ ድሮ

ጀሚርና ኣሎና። ብዛዕባ እዚ ዝወሃብ ትምህርቲ ዝምልከት ርእይቶን ሕቶን ክትሰዱልና ነማሕጽነኩም።



ሓደ እዋን ኣብ ኣካባቢ 1985 ዓ. ም. ኣቢሉ ይኸውን፣ ኣብቲ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ ዩኒቨርሲቲ ምስ ሓደ መማህር ተይ ብዛዕባ ሓዳር ምግባር ምዝርራብ ምስ ጀመርና ቅድሚኡ ሓሲበሉን ሰሚዔ ዮን ዘይፈልጥ ነገር ድማ ካብቲ መማ ህርተይ ሰማዕኩ። ንሱ "ከም ሰብኣ ይን ሰበይትን ብሓንሳብ ንምንባር መውስቦ ወይስ መርዓ ክትገብር ናይ ግድን እዩ ብዝብል ኣተሓሳስባ ኣነ ኣይኣምንን እየ" ምስ በለኒ ኸኣ ደንጸወኒ። ስለምንታይ ኢለ ምስ ሓተትኩዎ፣ "እዚ ሓደ ሰብኣ ይን ሓንቲ ሰበይትን ብቓል ኪዳን ተመረዓዕ ዮም እንተ ዘይኰይኑ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ብሓንሳብ ክነብሩ ቅኑዕ ወይ ሕጋዊ ስርዓት ኣይኮነን ዝብል ኣዘራርባ ሰብ ዝፈጠሮ ደኣ እምበር ተፈጥሮኣዊ ስርዓት ኣይኮነን፣" ክብል መለሰለይ። ብዝከኣል መጠን እዚ መደ ብን ስርዓትን ናይቲ ዝፈጠረና ልዑል እግዚኣብሄር ደኣ'ምበር ናይ ሰብ ከም ዘይኰነ ከረድኦ ፈቲነ። ግና "ንዘንቀደ መላሲ የብሉን" ከም ዝብልዎ "ወድን ጓልን እንተ ደኣ ተፋቒሮምን ተሰማሚ ዖምን ብድልየቶም ብሓንሳብ ክነብሩ መሰሎም እዩ፣" ኢሉ ካብ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነንሲ ናብ መሰል ምኧኑን ዘይም ኧኑን ኣትዩ ከእምነኒ ድኣ ፈተነ። እቲ ዘሕዝን፣ እዚ ኣብ ህዝብናውን ብብዝሒ ዝርአ ዘሎ ተግባር እዩ።

በዘን ዝሓለፋ ቅሩብ ዓመታት እናተለወጠ እንተ ዘይከይዱ፣ ቃል ኪዳን ከይገበርካ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ብሓን ሳእ ምንባር ኣብ ባህልና ግቡእ ወይ ቅቡል ኣይኰነን። በዚ ኸኣ ባህልና ምስቲ ቃል ኣምላኽ ዚሰርዖ ስርዓት ይሰማማዕ እዩ።

## ስጕምቲታት ናይ ሓዳር ምግባር

ሓደ ወዲ ተባዕታይ ወይስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሓዳር ኣብ ዝግበረሉ ዕ ድመ (ዓቕሚ ኣዳም) ምስ በጽሑ ክኽተልዎ ዝግቦኦም ስጕምቲታት ከም ዘለዉ ክርድኡ ይግባእ። እዞም ስጕም ቲታት እዚኣቶም ሒዞሞ ዝኸዱ ቅደም-ተኸተል ስለ ዘለዎም ብኡ መስረት ክስዓ ቡ ናይ ግድን እዩ። እምበኣር ነንፍሲ ወከፍ ስጕምቲ ብጥርንፍ ዝበለ ኣገባብ ከከም ኣመጻጽኡ ክነስተብህለሉ ኢና።

1. <u>ፍቕሪ</u>

   እዚ እቶም ክልተ፣ ማለት ሓዳር ኣብ ዝገብሩሉ ዕድመ ዝበጽሑ ሰባት ዝኽተሉዎ ቀዳማይ ስጕምቲ እዩ። ቅድሚ ኹሉ እምበኣር ክልቲኦም ክፋተዉ ደሓር ክፋቐሩ ኣለዎም፤ እዚ ኣብ ለልቦም ዚኸውን ነገር እዩ።

2. <u>ፍቓድ</u>

   እቲ ወድን እታ ጓልን ኣብቲ ቐዳማይ ደረጃ ምስ በጽሑ ብዛዕባ ዘለዎም ስምዒትን ዕላማን ሓሳብ ንሓሳብ ተላዋዊጦም ፍቓዶም ክገላለጹ ኣድላይን ናይ ግድንን ዝኾነ ደረጃ እዩ።

መውስቦ ወይ ብፍቓድ ናይ ሓደ ሰብ ጥራይ ወይ ከኣ ብግድን ዝኸውን ነገር ኣይኮነን። ብዙሓት ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምስ በጽሑ ሕጸ ይገብሩ እዮም። ከይኑ ግና ሕጸ ምግባር መርዓ ምግባር ወይ ቃል ኪዳን ምእሳር ማለት ከምዘይኮነ ክግንዘብዎ ኣለዎም። ሕጸ ብተሰፋ ይጽበዩን ይዳለውን ከም ዘለው ዘግህድሉ ኣገባብ መንገዲ እዩ።

3. <u>ቃል ኪዳን</u>

እቶም ክልተ ፍቓድ ኣምላኽ ኰይኑ ናብዚ ደረጃ እዚ እንተ ደኣ በጺሖም፣ ድሕሪ'ዚ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ብሓንሳብ ክነብሩ ስርዓታዊን ሕጋዊን መሰል ይወሃቦም። ኣብዚ ስነ ስርዓት እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ቃል ኪዳን ይኣትው፤ በረኸት ኣምላኽን ሰብን ድማ ይቕበሉ።

4. <u>ርክበ-ስጋ (ግብረ-ስጋ)</u>

እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ እዩ። በዚ ቅዱስ ተግባር እዚ ኸኣ እቲ ዚኣተውዎ ቃል ኪዳን ይሕተም፣ ይፍጸም ማለት እዩ።

ካብዘን ኣብ ላዕሊ ብቐደም ተኸተል ተጻብጺበን ዘለዋ ስጊምቲታት ብቁጽሪ ኣርባዕተ ዝጅምሩ ወይስ ናብኣ ጥራይ ዝዕልሙ ብዙሓት እዮም። እዚኣቶም ከኣ ፈተውቲ ርእሶም ዘመውቲን ኣመናዝርን እዮም። ቃል ኣምላኽ እውን ብዛዕባ'ዚ "ንኣመንዝራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ እሞ፣ መውስቦ ኣብ ኩሉ ኽቡር፣ እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን።" እናዳበለ ኣብ እብራውያን 13፥5 የጠንቅቐና እዩ።

## ንሰማማዕን ዘይንሰማማዕን ኽንፈልጥ ቅድሚ ምምርዓውና ብሓንሳብ ምንባር እንተ ጀሚርናስ እንታይ ጌጋ ኣለዎ?

ብዛዕባ እዚ ኣረኣእያ እዚ ብሰለስተ ኣገባብ ክንርኣዮ ኢና።

1. ቅድም ቅድም እዚ ንሰማማዕን ዘይንሰማማዕን ክንፈልጥ ምእንቲ ብሓደ ክነብር ክንጅምር ኣሎና ዚብሃል ነገር ኣምላኽ ዝፈቐዶ መገዲ ኣይኮነን፣ ስለዚ ኸኣ ሓጢኣት እዩ። ሓደ ሰብ ቅድሚ ምምርዓው ዝፍጽሞ ግብረ-ስጋ "ምንዝር" እዩ። ከምኡ'ውን ሓደ በዓል ቃል ኪዳን፣ ብዘይካ ምስ'ታ በዓልቲ ቃል ኪዳኑ ምስ ካልእ ዝፍጽሞ ግብረ-ስጋ ዲግ ዝበለ "ዝሙት" እዩ። (ንተወሳኺ መግለጺ ብዛዕባ'ዚ፣ ኣብዛ መጽሔት እዚኣ፣ ኣብ ገጽ 4 ቍጽሪ 2፣ 2.1 2.2 2.3ን ተመልከቱ።)

"ንሰማማዕን ዘይንሰማማዕን ምኽንና ምስ ፈለጥና እንተ ተመርዖናኸ እንታይ ጌጋ ኣለዎ?" ዝብል ኣበሃህላ፣ ብዙሓት ሰባት እኳ እንተ ተጠቕሙሉ ቑናን ምኽንያት ድኣ'ምበር ሕቶ'ውን ኣይኮነን። "ክበልዑዋ ዝደለዩ ኣባ ጉም ባሕሲ ዛግራ ይብሉዋ፣" ከም ዚበሃል፣ ንዝኾነ ነገር ቅኑዕ ዝመስል ምኽንያት ክንፈጥረሉ ንኽእል ኢና። ስለ ዝኾነ ግና እታ ሓቂ ትልወጥ ማለት ኣይኮነን።

ሓዳር ቅድም ክንፍትኖ ደሓር እንተ ማእማእና ንቕጽሎ እንተ ዘይማእማእና ድማ ንገድፎ እትብሎ መኪና ዕዳጋ ኣይኮነን። ስለዚ እቶም ዝምልከቶም ክልተ ሰባት ዝተሰማምዑሉ ምኽኑ ወይስ ማሕበር ኰነ ሕብረተ-ሰብ ዝቕበሎ ምኽኑን ዘይምኽኑን ብዘየገድስ ሓጢኣት እዩ። ምኽኑ'ውን ኣብ ማቴዎስ 14፥3-4፤ 1ይቲ ቈረንጦስ 5፥1-4፤ ከምኡ'ውን

ኣብ 1ይቱ ቈረንጦስ 6፥9-11 ኣንቢና ክንርድኦ ንኽእል። ኣብኡ ከም እነንብቦ ኸኣ ይትረፍዶ ብግብሪ ምፍጻሙስ ብባህጊ ምጥማቱ እኳ ሓጢኣት እዩ እሞ፡ ነዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ክንጻረሮ ዝግባእ እዩ። (ማቴዎስ 5፥27-27)።

2. ካልኣይ፡ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ኻልእ ሰብ መጽናዕቲ ገይሩ ፈጺሙ ክፈልጦ ኣይከኣሎን እዩ። ብዛዕባ ደቂ ሰብ ፍጹም ፍልጠት ዘለዎ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ። "ልቢ ኻብ ኵሉ ጐራሕን ኣዝዩ ሕሱምን እዩ፡ መንከ የስተውዕሎ፧ ኣነ እግዚ ኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገዱ፡ ከከም ግብሩ ምእንቲ ኽህቦ፡ ንልቢ እምርምሮ፡ ንኹላሊት ከኣ እፍትኖ" ይብል ኣብ ኤርምያስ 17፥9-10። ስለዚ ኣብዛ ውስንቲ ዝኾነት ኣብ ዓለም እንነብረላ ዘበን ህይወትና ብቓል ኪዳን ክንውፊ ዘገድደና ነገር እንተድኣ ሃልዩ በቲ ውሱን ዝኾነ ፍልጠት ዝነቕለ እምነትን፡ ተስፋን፡ ፍቕርን፡ መሰረት እዩ። ሓዳር ከም ቃንጫ ወይ መግብን መስተን ጥዒምካ እትኣትዎ ወይ እትገድፎ ነገር ኣይኮነን።

3. ሳልሳይ፡ እቶም ከም ስብኣይን ሰበይትን ብሓንሳብ ክነብሩ ጸኒሖም ደሓር ስርዓት ቃል ኪዳን ዚገብሩ ሰባት እውን ከምቲ ዝሓሰብዎ ኪሰልጦም ኣይንርእን። ነዚ ነገር እዚ ተኸታቲሎም መጽናዕቲ ዝገበሩ ሰባት ከም ዝነግሩና ኸኣ ኣብ ሓዳር እዞም ሰባት እዚኣቶም ዘሎ ፍትሕ ካብቶም ብሓንሳብ ብምንባር ከይፈተኑ ተጻሚዶም ዝነብሩ ሰባት ዚበዝሕ ከም ዝኾነ እዩ።

## ካብ ካልኣይ ደረጃ ናብ ራብዓይ እንተ ሰገርኩኸ?

ሕጸ ገይሮም ብተስፋ እናተጸበዩ ኸለው ብዘይ ናይ ቃል ኪዳን ስነ ስርዓት ብሓንሳብ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ምንባር ዝጀምሩ ሰባት ኣብዚ ጊዜና ብዙሓት እዮም። እዚ ንገዛእ ርእሰኻ ብዘይ ምቍጽጻር ዝውሰድ ስጉምቲ ምዕማጽ እዩ። እዞም ከምዚ ዝገብሩ ድማ ነቲ ዝተተስፈዎም ፍረ-ኦም ከይበሰለ ብዘይ ፍቓድ ቀንጢቦም ዝበልዑ እሞ ብቕር ጸትን ብሕፍረትን ብዝሽገሩ ሰባት ክንምስሎም ንኽእል። ሕጸ ማለት መርዓ ከም ዘይኮነ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። ዮሴፍን ማርያምን ግሩም ኣብነት ናይ ሕጹያት እዮም፡ "... ገብርኤል መልኣኽ ናብ ናዝሬት እትበሃል ዓዲ ገሊላ ናብ ሓንቲ ድንግል ካብ ኣምላኽ ተላእከ። ንሳ ንዮሴፍ ዚብሀል ሰብኣይ ካብ ቤት ዳዊት እተሐጽየት እያ፡ ስም እታ ድንግልዉቲኣ ኸኣ ማርያም እዩ።" (ሉቃስ 1፥26-27)።

ዝተሓጻጸዩ ሰባት ብተስፋ እናተዳለው ኣብ ዝጽበዩሉ ግዜያት ናብ ቃል ኪዳን ክይበጽሑ እንተ ተፈላለዩ ሓጢኣት ኣይኮነን። ግብረ-ስጋ ብምፍጻም ሓደ ስጋ ምዃን እዩ'ሞ ኣብኡ እንተድኣ በጺሖም እዞም ሕጹያት እዚኣቶም ቃል ኪዳን ኣሲሮም ሓዳሮም ኪምስርቱ ኪግደዱ ኣለዎም። (ዘዳግም 22፥28-29፧ 1ይቲ ቈሮንቶስ 6፥15-16)።

እምበኣር መውስቦ ኣብ ኵሉ ክቡር ይኹን። ካብ ስጋውያን ኣቦታትናን ኣዴታትናን ብዝበለጸ ዘፍቅረና ሰማያዊ ኣቦና እግዚኣብሄር ንዓና ጽቡቕ መደብ ኣለዎ። ካብ ገዛእ ርእስና'ኳ ኣብሊጹ ዝሓስበልና ኣቦ እዩ። በቲ ንሱ ዝሰረተልና መገዲ ብምኻድ በረኸቱን ሰላሙን ንድለ። በዚ ነገር እዚ ኸይንዝንጋዕ ኸይንረክስ፡ ኸይንዕ ምጽ፡ ኸይንስሕት ብልብና ንሓልን።

ካብ መስርዕ ዝወጻእኩም እንተሊኹም ድማ ክትምለሱን ኽተቃንዑን ሕጂ ስጉምቲ ውሰዱ። “ገበኑ ዚኽውል ኣይሰልጦን፡ እቲ ዚናዘዘሉ እሞ ዚሓድጎ ግና ምሕረት ይረክብ” (ምሳሌ 28፡13)። ፍሉይ ዝኾነ ምርሒት እንተ ደኣ ኣድሊ ዩኩም ብቓል ኣምላኽ ንዝመርሑኹም ኣገ ልገልቲ ጐይታ ተወከሱ።